# ናብ ኮሙናዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ጂምናስዩም ኣብ ሃልምስታድ እንኳዕ ድሓን መጻእኩም

(እዚ ኣጸሓሕፋ ንተባዕታይን ኣንስታይን ዚምልከት'ዩ)

ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ንዓኻ ተመሃራይን ንዓኻትኩም ወለዲን፥ ብዛዕባ'ዞም ዘሎዉና ኮሙናዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ”ጂምናስዩም” ክትፈልጥዎም ዘድልዩ ኣገደስቲ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም። እዚ ሓበሬታ'ዚ፡ ካብቲ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ጂምናስዩም ኣቲኻ ክተንብቦ ትኽእል ሓበሬታ፥ ኣዋጺእና እነቕርበልኩም ዘሎና ጽሑፍ'ዩ።

https://www.halmstad.se/sannarpsgymnasiet
https://www.halmstad.se/kattegattgymnasiet
https://www.halmstad.se/sturegymnasiet

## ኣተሓሕዛ ግላዊ-ሓበሬታ

ኣብቲ ገለ ካብቲ “ምምሕዳር ትምህርቲን ዕዳጋ-ስራሕን” (Utbildnings- och arbetsmarknadsförvaltningen) ዘዳልዎ ናይ ትምህርቲ መደባት ንኽትምሃር ምልክታ ኣብ ተቕርበሉ ጊዜ፤ እቲ ዝሃብካና ግላዊ-ሓበሬታ (ማለት ስም፡ ኣድራሻ ወዘተ)፥ ኣብ ነንበይኖም መዛግብቲ ኮምፒዩተር ናይ “ምምሕዳር ትምህርቲን ዕዳጋ-ስራሕን” ክምዝገብ'ዩ። እቲ ግላዊ-ሓበሬታኻ፡ ኣብታ እትኸደላ ቤትትምህርቲ ውን ክምዝገብ'ዩ።

እቲ ዝተመዝገበ ግላዊ-ሓበሬታኻ ድማ፥ ኣብ ምምሕዳር ኣገደስቲ ጉዳያት ክንጥቀመሎም ዘድዩና ነገራት'ዮም። ንኣብነት ኣብ ምምዝጋብ ነጥቢታት (ምስክር-ወረቐት)፡ ንናይ ትምህርቲ ሓገዝ-ገንዘብ፡ ንመደብ -ትምህርቲ ምውጻእ ክጥቀስ ይክኣል እዩ። እቲ “ሕጋዊ-መሰረት” ናይቲ ግላዊ-ሓበሬታኻ ኣጠቓቕማና ድማ፥ ብምኽንያት ቤትስልጣናዊ-ኣተግባርነትን ሓበሬታ ማሕበራዊ-ኣገዳስነት እዩ። (ሕጊ ሓለዋ-መዛግብቲ፡ ዓንቀጽ 6፡ (ሕጋዊ ኣጠቓቕማ ግላዊ-ሓበሬታ) ገጻት 40-49 ርአ። (Dataskyddslagen, Artikel 6 (laglig behandling av personuppgifter), Skäl 40—49)።

ገለ ካብቶም ግላዊ ሓበሬታኻ፡ ኣብቲ ን3 ዓመት እትምሃረሉ ጊዜ ጥራይ ተዓቝሮም ዝጸንሑ እዮም። ካልኦት ንኣብነት ቅዳሕ ናይቲ ምስክር-ወረቐትካ ድማ፥ ኣብቲ ቤትትምህርቲ ን6 ኣዋርሕ ይጸንሕ። ብድሕሪኡ ድማ ቅዳሕ ምስክር-ወረቐትካ ናብቲ መዝገብ ናይቲ ኮሙን ይሓልፍ።

“ምምሕዳር ትምህርቲን ዕዳጋ-ስራሕን”፡ እንተ ሓቲትካዮ፡ ነቲ ግላዊ ሓበሬታኻ ንኽእርሞ፥ ንኽዓግቶ ወይ ውን ንኽድምስሶ ግዴታ ኣሎዎ። (ሕጊ ሓለዋ መዛግብቲ ዓንቀጽ 12 ክሳብ 13 - Dataskyddslagen, Artikel 12 till 13). ብመሰረት "ሕጊ ሓለዋ-መዛግብቲ"፡ ነፍሲ-ወከፍ ምዝጉብ ሰብ፡ ብዛዕብኡ (ንዕኡ ዚምልከት) ኣብ መዛግብና እንታይ ከም ዝተጻሕፈ ንምፍላጥ ምልክታ ከቕርብ መሰል ኣሎዎ። (ሕጊ ሓለዋ-መዛግብቲ ዓንቀጽ 15 - Dataskyddslagen, Artikel 15)

እቲ ሓላፍነት ናይ ”ግላዊ-ሓበሬታ” ዘሎዎ፡ እቲ ”Utbildnings- och arbetsmarknadsnämnden” ዝተባህለ እዩ። ብዛዕባ'ቲ ምሳና ዘሎ ናትካ ”ግላዊ-ሓበሬታ” ክትፈልጥ፥ ንኽእረመልካ ክትሓትት፡ ክመሓላለፈልካ ወይ ውሱን ኣጠቓቕማ ክንገብር፥ ክትቃወም ወይ ”ግላዊ-ሓበሬታኻ” ክድምሰሰልካ ክትሓትት፥ ምሳና ርክብ ክትገብር መሰል ኣሎካ። ነዚ ንምግባር ድማ፡ ብኤ-ፖስት direkt@halmstad.se ምሳና ተጸሓሒፍካ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ። ምስቲ ”ወኪል ሓለዋ-መዛግብቲ” (dataskyddsombud)፥ በቲ ”ናይ ርክብ-ማእከል” Halmstad direkt፡ ብቑጽሪ ስልኪ፦ 035-13 70 00 ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ”ግላዊ-ሓበሬታኻ” ተቓውሞ ምስ ዚህልወካ፡ ”ናብ ቤትስልጣን ሓለዋ ግላዊ-ሓበሬታ” (Dataskyddsmyndigheten) ጥርዓን ክተቕርን መሰል ኣሎካ።

## ሕጋጋትን መምርሒን ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ”ናይ ቤትትምህርቲ መርበብ-ኢንተርነት”

ኵሎም እቶም ኣብ ”ጂምናስዩም ቤትትምህርቲ ከምኡ ውን ”ኣብ ቤትትምህርቲ-ዓበይቲ” (Vuxenutbildningen) ኣብ ሃልምስታድ ኮሙን ዚኸዱ ሰባት፤ ኮምፒዩተራት ክጥቀሙ፡ ናይ ቤትትምህርቲ መርበብ-ኢንተርነት ንኽጥቀሙ፥ ኣብቲ ናትና መድረኽ ቤትትምህርቲ ”Lärplattform Halmstad”፤ ሓደ ናት ተጠቀምቲ ”ኮንቶ” (ሕሳብ) ኪኽፈተሎም'ዩ።

ንናይ ኵሉ ሰብ ረብሓን ሓለዋን ብማለት፥ ንስኻ ነዚ ኣብ ታሕቲ ተጻሒፉ ዘሎ ብጥንቃቐ ኣንቢብካ፥ ነቲ ኣብ ምጅማር ቤትትምህርቲ ዚወሃበካ ኦርኒክ ክትፍርመሉ ክትግደድ ኢኻ። ነቶም "ዓቕሚ-ኣዳም" ዘይበጽሑ ቆልዑ ድማ፥ ናይ ወለዲ ፊርማ ውን ከድሊ እዩ።

ኣነ እዚ ዚስዕብ ነገራት ተረዲኡኒ ኣሎ፦-

- እቲ "ናይ ቤትትምህርቲ መርበብ-ኢንተርነት" ንስራሕ ቤትትምህርቲ ተባሂሉ ዝተዳለወ ምኳኑ።
- እቲ ኣብ ኵሉ ሕብረት-ሰብ ዘገልግል ሕጊን ሕጋጋትን፡ ኣብዚ ውን ከም ዘገልግል።
- ኣነ ብዛዕባ'ቲ ኣብ "ውሽጣዊ መኸዘን ኢንተርነት" (intranätet) ዘገልግል ኤቲካዊ-ሕቶታት (ሞራላዊ) ሓበሬታ ክቕበል'የ።
- እቲ ኣነ ኣብኡ ዝገብሮን ዚጽሕፎን ኵሉ፥ ናይ ባዕለይ ግላዊ ሓላፍነት ምኳኑ፤ ስለዚ ድማ
- ነቲ ኣነ ዚጥቀመሉ "ምስጢራዊ-ኮድ" (lösenord) ብጥንቃቐ ክሕልዎ ከም ዚግብኣኒ።
- ኣነ ጌጋ-ኣጠቓቕማ ምስ ዚገብር፡ ክሳብቲ ሓለቓ ቤትትምህርትን እቲ መምህረይን ሓቢሮም ውሳኔ ዚህቡኒ፤ ካብቲ "ስርዓት መርበብ-ሓበሬታ"፡ ብምሉእ ወይ ብሽፋል ክውገድ ከም ዚኽእል።
- ኣነ ኣብቲ "intranätet" መንነተይ ሓቢአ (ተሸዊለ) ክጥቀመሉ ከም ዘይክእል።
- ኣነ እቲ "aliasnamn" (ነቶም ሕቡእ መንነት ዘሎውም ሰባት ዚወሃብ ሳጓ)፥ ኣብ ሕቶ መሰልን ግዴታን፥ ልክዕ ከምቲ ንኻልኦት ንዓኣቶም ውን ዚምልከቶም ከም ዝኾነ እዩ።

**ልክዕ እቲ ኣብ ሕብረትሰብ ዘገልግል ሕጋጋት ኣብዚ ውን ከም ዘገልግል እዩ። እቲ ኣብ ልዕለይ ክፍጸም ዘይደልዮ ነገር፥ ኣነ ውን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ኣይክፍጽሞን እየ!**

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጽሑፍ'ዚ፡ ፊርማኻ ብምስፋር ከም ዝተቐበልካዮ ክተረጋግጽ ኢኻ።
*"ናብ ኮሙናዊ ቤትትምህርቲ ጂምናስዩም ኣብ ሃልምስታድ እንቋዕ ብደሓን መጻእካ"*

## ሓሳስያ/ክቱር-ተነቃፍነት - Allergi/överkänslighet

ብምኽንያት ዓይነታት "ፉል" (nötter, jordnötter och mandlar) ዘጋጥም ከቢድ ሓሳስያ/ክቱር ተነቃፍነት (allergi/överkänslighet=ኣለርጂ)፥ ኣብ ኵሎም ኣብያተ-ትምህርቲ "ዓይነታት ፉል" ክትበልዕ ክልኩል እዩ። ካልእ ብምኽንያት "ሓሳስያ" (allergi) ኣብ ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን፥ ኣብቲ "ጂምናስዩም ቤትትምህርትኻ" ክብልዑ ዘይብሎም፥ ንኣብነት "መጸጽቲ-ፍሩታታት" (citrusfrukter) ከይህሉዉ፥ ምስቲ ናትካ "ሜንቶር" ተዘራረብ።

## ናብ ቤትትምህርቲ ክትበጽሕ ምምጻእ

ተመሃሮ ኣብ ቤትትምህርቶም ቅሳነት መታን ክረኽቡ ብምባል፥ ኵሎም ናብቲ ቤትትምህርቲ ዚመጹ በጻሕቲ፥ ኣብቲ መቐበል-ኣጋይሽ ክምዝገቡ ይግብኦም። ዘይግብኦም ሰባት ኣብቲ ውሽጢ ቤትትምህርቲ ክህልዉ መሰል የብሎምን። እዚ ድማ ነቶም ካብ ካልኦት ቤትትምርህቲ ዝመጹ ተመሃሮ ውን ዚምልከት እዩ።

## መጠንቀቕታ ባርዕ-ሓዊ

ኣብ ኵለን ህንጻታትና ብቐጥታ ዚሰርሕ ናይ ባርዕ-ሓዊ መጠንቀቕታ "ዋጭ-ዋጭታ" ድምጺ ኣሎና። እቲ ናይ መጠንቀቕታ ድምጺ ምስ ተዳህየ፥ ብቕጽበት ካብቲ ህንጻ ክትወጽእ ኣሎካ። ብድሕሪኡ ድማ ኣብቲ እቲ ናትካ "ሜንቶር" ዝሓበረካ መአከቢ ቦታ ትኸይድ።

## ናይ ኣውቶቡስ-ካርድ

ናይ ኣውቶቡስ-ካርድ ንምርካብ ንኺፍቀደልካ፥ እቲ ኣብ መንጎ ቤትካን እቲ ቤትትምህርትኻን ዘሎ ናይ ጕዕዞ መገድኻ፥ ብኮሙናዊ ናይ ኣውቶቡስ-ካርድ መዐቀኒ ስርዓት፥ እንተ ወሓደ ናይ 6 ኪሜ ርሕቀት ኪህልዎ ይግባእ። እታ ካርድ፡ ኣብ ሓደ ናይ ትምህርቲ-መዓልቲ፥ ብዘይ ዝኾነ ገደብ ኣብ ኣውቶቡሳትን ባቡራትን፡ ንሓደ ምሉእ ናይቲ ትምህርቲ-ዓመት ክተገልግለካ ትኽእል ኢያ። እታ ካርድ፡ ካብ ሰዓት 04.00 — 22.00 ኣብ ናይ ትምህርቲ-መዓልትን ኣብ በዓላትን፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ናይ ትምህርቲ ክፍሊ-ዓመት (under terminen) እተገልግል እያ። ኣብ ጊዜ ዕረፍቲ-ልደትን ኣብ ናይ ሓጋይ-ዕረፍቲን ግን ኣይክተገልግልን እያ። ነታ ናይ ኣውቶቡስ-ካርድ እንተ ኣጥፊእካያ፡ እታ ዝጠፍኣት ካርድ ከም ትዕጾ ተጌሩ ሓዳስ ካርድ ክትወሃበካ እያ። ከምኡ ምስ ዘጋጥመካ፡ ቀልጢፍካ ምስቲ "መቐበል-ኣጋይሽ" ርክብ ግበር። ናይ ኣውቶቡስ-ካርድኻ ምስ ትርስዖ፥ ነቲ ናብ ቤትትምህርቲ ትገብሮ ምጉዕዓዝ ባዕልኻ ኢኻ ትኸፍሎ። እታ መጕዓዚ-ካርድ ክትፍቀደልካ ትኽእል፥ እንተ ነውሐ ክሳብ'ታ 20 ዓመት ትመልኣላ ናይ ጽድያ ናይ ትምህርቲ ክፍለ-ዓመት (vårterminen) እዩ።

## ውሕስነት

ኵሎም እቶም ኣብ ጂምናስዩም ዚርከቡ ተመሃሮ፥ ኣብቲ ናይ ትምህርቲ-ጊዜን ኣብ ነጻ-ጊዜን፥ ኣብቲ ሃልምስታድ ኮሙን ናይ ውሕስነት ውዕል ዝተፈራረመሉ ኩባንያ፥ ናይ ሓደጋ ውሕስነት እቱዋት እዮም። እቲ ናይ ውሕስነት መግለጺ፡ ኣብቲ ናይ ኮሙን ”ኣድራሻ ኢንተርነት” ናይቲ ኮሙን (kommunens hemsida under ”Barn & utbildning”) ዚብል ኣርእስቲ ክትረኽቦ ኢኻ። ኣብኡ ውን፡ እቲ ናይ ”መጕዳእቲ-ምልክታ መቕረቢ” ኦርኒክ ክትረኽቦ ኢኻ።

## ኩራቶር - Kurator

እታ (ወሃቢት-ምኽሪን ተሓጋግዚትን) ናይ ቤትትምህርቲ ”ኩራቶር”፥ ኣብቲ ናይ ትምህርቲ ሰዓታት፡ ተመሃሮ ንምሕጋዝ ድልውቲ እያ። ስራሕ ናይታ ”ኩራቶር” ንኣብነት፥ ንተመሃሮ በዞም ዚስዕቡ ጉዳያት መላዝብቲ ንኽትትኮኖም እዩ፦

- ተመሃሮ ኣብ ቤትትምህርቲ ወይ ኣብ ገዝኦም ውን ከመይ ከም ዘሎዉ ንምልዛብ
- ተመሃሮ ብዛዕባ ኣብ ከባቢ ናይቲ ቤትትምህርቲ ምስ ካልኦት ሰባት ዘሎዎም ዝምድናታት
- ኣገድስቲ ናይ ህይወት ሕቶታት
- ኣብ ናይ ሓዘንን ሽግራትን እዋናት
- ነንበይኖም ዓይነት ናይ ወልፊታት ሽግር ወዘተ እዮም።

እታ ”ኩራቶር” ንኣብነት ኣብ ከምዚ ዚስዕብ ኩነታት፥ ከም ኣማኻሪትን ከም ሓባሪትን ኰይና ውን ተገልግል እያ፦

- ናይ ትምህርቲ-ቁጠባን፡ ሓገዛት-ገንዘብን
- ምስ ኣብያተ-ስልጣናት ንምርኻብ
- ናይ ስድራቤታት-ቁጠባ ወይ ካልእ ዓይነት ደገፋት
- ኣብ ናይ ስንክልና፡ ናይ ደቂ-ወጻኢን ስደተኛታትን ጉዳያት እዩ።

እታ ”ኩራቶር”፡ ብዛዕባ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ንዘሎ ዝምድናታት ውን ትሰርሕ እያ። ብተወሳኺ ውን እታ ”ኩራቶር”፡ ንኣብነት ኣብ ወልፊ ምክልኻል፥ ኣብ ሰብ ምህሳይ/ምውራድ ንዝርኣዩ ጠባያት፥ ጉጅላዊ-መጥቃዕቲ፡ ጾታዊ-ኣትካሪነት፡ ጽልኣት-ወጻእተኛታት ንምክልኻል እትሰርሕ እያ። ወለዲ ውን እንተ ኾኑ፡ ምስ'ዛ ”ኩራቶር” ንምርኻብ ዕዱማት እዮም። ኣድላዪ ኣብ ዚኾነሉ ጊዜ፡ እታ ”ኩራቶር” ናብ ካልእ ዚምልከቶ ኣካል ክተሕልፈካ ትኽእል እያ።

## ፍቓድ-ብኾራት (ዕረፍቲ)

ንውልቃዊ ጉዳያትካ፡ እንተ ነውሐ ን3 ተኸታተልቲ መዓልታት፡ ካብቲ ናትካ ”ሜንቶር” ናይ ብኾራት ፍቓድ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ናይ ትምህርቲ-ዓመት ድማ፥ እንተ በዝሐ ን6 መዓልታት እዩ። እቲ ሓለቓ ቤትትምርህቲ ነቲ ንሳ/ንሱ ኪውስኖ ዚኽእል ጊዜ ከፍቅድ ይኽእል እዩ። ክተስተውዕሎ ዚግባእ፡ ናይ ብኾራት ፍቓድ ምሃብ ኣዝዩ ጸቢብ ዕድል ምዃኑ'ዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ናይ ትምህርቲ ዓመት፡ 3 ነናይ ሰሙን ዕረፍቲታ ኣሎዉ እዮም። (ዕረፍት-ስፖርት፡ ዕረፍት-ፋስጋ ከምኡ ውን ዕረፍቲ-ቀውዒ) እዮም፤ እዚ ግን ብጀካ'ቲ ናይ ልደት ዕረፍቲ እዩ። ንናይ ወጻኢ ሃገር መገሻን ካልእን፡ ነዞም ዕረፍቲታት እዚኦም'ዩ ክትጥቀም'ዩ ዘሎካ። ንመመልከቲ ዚኸውን ፍሉይ ኦርኒክ፡ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት www.halmstad.se ክትረኽቦ ኢኻ።

## መደብ ማዕርነታዊ-ኣተሓሕዛ

ንሕና፡ ኣብ ከባቢ ቤትትምህርትና፡ ኵሉ ዓይነት መጥቃዕቲታት (ዓመጽ)፡ ኣሕሳሪነትን ምንጻልን ንኸየጋጥሙ ብምክልኻልን ብምቅላስን፥ ጽቡቕ ናይ ስራሕ-ሃዋህዉ ንኽንፈጥር እንጽዕር ኢና። ኵሎም ተመሃሮ፡ ኣብቲ ቤትትምህርቲ ቅሳነትን ክብሪን ክስምዖም ይግባእ።

ናይ ኣሕሳሪነት ተግባራት ብሓደ ሰብ ወይ ብጉጅለ፥ ኣብ ልዕሊ ሓደ ሰብ ወይ ውን ኣብ ልዕሊ ጉጅለ ሰባት ከጋጥም ይኽእል'ዩ። ኣዋራዲ ኣተሓሕዛ ኣብ ኵሉ ከባቢታት - ኣብ ዝኾነ እዋን ከጋጥም ይኽእል'ዩ። ኣዋራዲነት ኣብ ሓደ ፍሉይ ኣጋጣሚ ኪፍጸም ይኽእል'ዩ። ብመደብ፡ ኰነ ኢልካ ውን ብቐጻሊ ኪትግበር ይኽእል'ዩ። እዚ ኣዋራዲነት'ዚ፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ነንሕድሕዶም፥ ኣብ መንጎ ተምሃሮን ሰራሕተኛታት ቤትትምህርቲን ውን ከጋጥም ይኽእል እዩ። እቲ፡ ኣነ ”ተጠቒዐ” ኣሎኹ ዝበለ ሰብ፥ እቲ ጉዳዩ ኵሉ ጊዜ ብተገዳስነት ክትሓዝ ይግብኦ።

ኵሎም ኣብ ከባቢ ቤትትምህርቲ ዘሎዉ ሰባት፥ ኣብ ልዕሊ ሰብ፡ ዝኾነ ዓይነት ኣዋራዲ (ኣሕሳሪ) ዝኾነ ኣተሓሕዛ ከም ዝተፈጸመ ምስ ዚጥርጥሩ ወይ ምስ ዘረጋግጹ፥ ንሰራሕተኛታት ቤትትምህርቲ ሓበሬታ ክህቡ ሓላፍነት ኣሎዎም። ኣሕሳሪነት/ኣውራዲነት፡ ብምስጢር ዚግበር ሽግር ኪኸውን ይኽእል'ዩ። ስለዚ ድማ፡ ኵላትና ብንቕሓት

ኣስተብሃልቲ ክንከውንን፥ ሰብ ኣብ ዚጥቅዓሉ ጊዜ ድማ ክንቃወሞ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ኣሕሳሪ ዝኾነ ኣተሓሕዛ፡ ኣብ እዋኑ ንኽይትገጥሞ ሸለል ስለ ዝበልካዮ፥ ብፍጹም ኪመሓየሽ ኣይክእልን እዩ። እቲ ኩነታት ስለ ዝገጠምካዮን ስጉምቲ ስለ ዘወሰድካሉን ድማ፥ ብፍጹም ካብቲ ዝነበሮ ኩነታት ኪገድድ ኣይክእልን እዩ።

ኣዋራዲነት/ኣሕሳሪነት ከምዚ ዚስዕብ ኪኸውን ይኽእል'ዩ፦

- ኣካላዊ (ንኣብነት መውቃዕቲ ወይ ምጉናጻት)
- ቃላዊ (ንኣብነት ብምፍርራሕ ወይ ኣውራዲ ስም ብምሃብ)
- ማሕበራዊ (ንኣብነት ሰብ ምንጻል፡ ወረ እናዘርጋሕካ ሰብ ምንዋር)
- ጽሑፋዊን - ስእላዊን (ኣብ መናድቕ ዚስኣሉ/ዚጥቅዑ ዓሌታዊ ኣርማታት፡ ደብዳበታት፡ ተለጠፍቲ-ወረቐት ከምኡ ውን ብኤ-ፖስት፡ "ኤስ.ኤም.ኤስ"፡ "ኤም.ኤም.ኤስ")
- ነገራዊ (ንኣብነት ጎማ ብሽክለታኻ ክንፍሱልካ፡ ብርዕኻ ክስብሩልካ ወዘተ እዩ)።

ምውቃዕን ምፍርራሕን ኣብ ቤትትምህርትና ብፍጹም ክልኩል እዩ። ከምኡ ምስ ዘጋጥም፡ ብሓለቓ ቤትትምህርቲ ናብ ፖሊስ ምልክታ ኪቐርብ እዩ።

ብምሉኡ እቲ "መደብ ማዕርነታዊ ኣተሓሕዛ ሰንድ" ኣብቲ ናይ ቤትትምህርቲ ኣድራሻ ኢንተርነት ክተንብቦ ትኽእል ኢኻ።

## ኣብ እዋን ሓደጋ

ኣብ ጊዜ ትምህርቲ ናይ መጕዳእቲ ሓደጋ ወይ ሕማም እንተ ኣጋጢሙካ፥ ናብታ "ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ" ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። "ምልክታ-መጕዳእቲ" (Skadeanmälan) ናብቲ ናይ ኮሙን ውሕስነት ኩባንያ ክተመልክት ትኽእል ኢኻ። ሓደጋታት ተኸላኺልካ ውሑስ ዝኾነ ናይ ስራሕ-ከባቢ ንምፍጣር፥ ናይቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ወይ ከቢድ-መጕዳእቲ፡ ኣሕሳርነት ወይ ዘጋጠመካ ናይ መውቃዕቲ ምፍርራሕ፥ "ጸብጻብ" ክትጽሕፍ ብኽብሪ ንሓተካ። መመልከቲ ኦርጊክ ምስታ "ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ" ከምኡ ውን ኣብ "Share-point" ክትረኽቦ ኢኻ።

## ካብ ሽጋራ ምትካኽ ነጻ

ኵሎም ናይ ሃልምስታድ ጂምናስዩም ኣብያተ-ትምህርቲ፥ ኣብ ናይ ትምህርቲ ጊዜ ካብ ሽጋራ ምትካኽ ነጻ እዮም። እዚ ማለት ድማ፡ ተመሃሮ ይዀኑ ሰራሕተኛታት ቤትትምርህቲ፥ ኣብቲ ናይ ቤትትምህርቲ ስራሕ-መዓልቲ ሽጋራ ምትካኽ ኣይፍቀደሎምን እዩ። ብሕጊ-ትምባኾ መሰረት፡ ኵሎም እቶም ቤትትምህርቲ ዚጥቀመሎም ህንጻታት፥ ካብ ሽጋራ ምትካኽ ነጻ ክኾኑ ይግባእ። እዚ ሕጊ'ዚ፡ ነቲ ብወገን ደገ ዘሎ ናይ ቤትትምህርቲ ከባቢ ውን ዚምልከት እዩ። (ሕጊ-ትምባኾ - tobakslagen 1993:581 ተመልከት)። ተመሃራይ፡ ብተደጋጋሚ ግህሰት ናይ'ዚ ሕጊ'ዚ ምስ ዚገብር፥ ብጽሑፍ መጠንቀቕታ ክወሃቦ እዩ።

## ናይ ሕማም/ናይ ተመሃራይ ብዅራት ምልክታ

ናይ ሕማም/ናይ ተመሃራይ ብዅራት ምልክታ፡ በዚ ዚስዕብ ቁጽሪ 0515-77 70 14፡ ቅድሚ ሰዓት 12.00 ደዊልካ ክትገብር ይግባእ። (ብድሕሪ ሰዓት 12.00 ዚግበር ምልክታ፥ ከም ናይታ እትመጽእ ዕለት ምልክታ'ዩ ዚቝጸር)። ኣብቲ ናይ ብዅራት ምልክታ እትገብረሉ ጊዜ፡ ኣብ መንጎ'ቲ ብቴሌፎን ናይ ምምልካት ዝርርብ ውን ክተቛርጾ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ናይ ብዅራት ምልክታ ምስ ወዳእካ፥ ምልክታ ከም ዝገበርካ መረጋገጺ ክትረክብ ኢኻ። ቅድሚ'ቲ መረጋገጺ ምርካብካ ነቲ ቴሌፎን እንተ ዓጺኻዮ፥ እቲ ምልክታኻ ተቛሪጹ (ኣይሓለፈን) ማለት'ዩ።

እቲ ምልክታኻ ቅኑዕ ኰይኑ መታን ክምዝገብ፡ እቲ ናይ ተመሃራይ ዓሰርተ ቁጽሪታት-መንነት (ፐርሾን-ኑመር) ውን ግድን ቅኑዕ ክኸውን ኣሎዎ! ካብ ሓደ መዓልቲ ንላዕሊ ምስ ተብዅር፡ እቲ ናይ ብዅራት ምልክታ ግን ነንመዓልቱ ክትገብሮ ይግባእ። ምልክታ ምስ ዘይተቐርብ፡ እቲ ብዅራት ከም ዘይቅቡል ብዅራት'ዩ ዚቝጸር። ብተኸታታሊ ካብ 7 መዓልታት ንላዕሊ ሓሚምካ ምስ ተብዅር፥ ናይ ሓኪም ምስክር ወረቐት ክተቕርብ ይግብኣካ። ወለድኻ እንተ ደኣ ነቲ "skola24" ዚበሃል "ናይ ብዅራት መመዝገቢ-ስርዓት" ኣሎዎም ኰይኖም፥ ነቲ "ናይ ሕማም ምልክታ" ኣብኡ ክምዝግብዎ ውን ይኽእሉ እዮም።

ኣብ መንጎ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ እንተ ደኣ ሓሚምካ፥ ብቐዳምነት ናብቲ ናትካ "ሜንቶር" ብኻልኣይ ደረጃ ድማ "ንሰረሓተኛታት ክንክን-ተመሃሮ "(elevvården) ክተመልክት ይግባእ። እቲ መቐበል ኣጋይሽ (Receptionen) ናይ ሕማም ምልክታ ኣይቅበልን እዩ!

ኵሎም ነቶም ብመደብ ዚግበሩ ብኵራታት (ንኣብነት ናይ ሓኪም ቆጸራ ወዘተ)፥ ኣቐዲምካ ኢኻ ምልክታ ክትገብር ዚግብኣካ። ከምኡ እንተ ዘይጌርካ፥ ከም ዘይቅቡል ብኵራት'ዩ ዚቝጸር። ኣብቲ ካብ ናይ ትምህርቲ ጊዜኻ ንኽትበኵር ዝተገደድካሉ ሰዓት፥ ነቲ መምህርካ ክተፍልጦ ሓላፍነት ዘሎካ ንስኻ ምኻንካ ኣይትዘንግዕ።

እዚ ሓድሽ "ሕጊ ቤትትምህርቲ" (skollagen)፡ ብዛዕባ'ቲ ብተመሃራይ ዝተገብረ ዘይቅቡል ብኵራታት (ማለት ምልክታ ዘይተገብረሉ ብኵራታት)፥ ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ንወላዲ መልእኽቲ ክስደደሉ ዚጠልብ እዩ። እዚ ድማ ብ"Skola24" ጌርካ ንወለዲ ናይ "ኤ-ፖስት" መልእኽቲ ብምስዳድ እዩ። ከምኡ ኪግበር መታን ኪክኣል ግን፥ እቲ ናይ ወለዲ "ኤ-ፖስት ኣድራሻ"፡ ኣብቲ "Skola24-systemet" ምዝጉብ ኪኸውን ዚጠልብ እዩ። ኣብቲ ብመደብ ዚግበር ብኵራታት፡ ናይ ግድን ኣቐዲምካ ምልክታ-ብኵራት ኪኣቱ ኣሎዎ። ኣብቲ ትሕቲ'ቲ "Ledighet" ዚብል ኣርእስቲ ብዚያዳ ኣንብብ።

## ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ - Skolsköterska

እቲ ናይ ተመሃሮ "ክንክን-ጥዕና" ብቐዳምነት፡ ናብ ምክልኻል ሕማም ዘድሃበ ክኸውን'ዩ ዘሎዎ። ንስኻ/ኺ፡ ብዛዕባ ሓለዋ-ጥዕናኹምን ብዛዕባ ኣገባብ-ህይወትኩምን ክትሓቱና፥ ከምኡ ውን መጕዳእቲ እንተ በጺሕኩም፡ ሕማም ወይ ምጭናቕ ወይ ሕማቕ እንተ ተሰሚዑኩም፥ ናባና ክትመጹ ትኽእሉ ኢኹም። ኣድላዪ ኰይኑ እንተ ረኺብናዮ፡ ናብ "ናይ ቤትትምህርቲ ዶክቶር" ወይ "መቐበል ሕክምና-መንእሰያት" (ungdomsmottagning)፡ ሕክምና-ስነኣእምሮ "psykiatrimottagning"፡ ማእከል-ጥዕና "vårdcentral" ወይ ውን ሓኪም-ምንቅስቓስ "sjukgymnast" ወዘተ ክነመሓላልፈኩም ኢና። ወለዲ ውን እንተ ኾኑ፡ ምሳና ርክብ ክገብሩ ዕዱማት እዮም።

ከም ናትና ገምጋም፡ ንስኻ ውን ከም ናይ ጂምናዩም ተመሃራይ መጠን፡ ነቲ ናይ ቤትትምርህቲ ናይ ጥዕናኻ መዝገብ፥ ካብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ቤትትምህርትኻ፥ ንዓና ንኽልኣኽልና ክትውስን ትኽእል ሰብ ኢኻ። ወለድኻ ካልእ ርእይቶ ምስ ዚህልዎም፡ ምስታ ናይ ቤትትምህርቲ ነርስ (skolsköterskan) ርክብ ግበር ኢኻ።

## ናይ ትምህርቲ ሓገዝ-ገንዘብ - Studiebidrag

ናይ ትምህርቲ ሓገዝ-ገንዘብ ምርካብ መሰል ኪህልዎ ዚኽእል፥ እቲ ንምሉእ ጊዚኡ ኣብ ጂምናስዩም ዚመሃርን፥ ናይ ሸወደን መንበሪ-ፍቓድ ዘለዎን ተመሃራ እዩ። እቲ ቤትትምህርቲ፡ ሓደ ተመሃራይ ንምሉእ ጊዚኡ ኣይመሃርን'ዩ ዘሎ ኢሉ እንተ ደኣ ገምጊሙ፥ ማለት ተደጋጋሚ ዘይቅቡል ብኲራታት እንተ ኣብዚሑ፥ ወይ ውን መረጋገጺ ከየቕረበ ን2 ሰሙን ብቐጻሊ እንተ ኣብኲሩ፥ እቲ ቤትትምህርቲ ናብ ቤትስልጣን "ሲ.ኤስ.ኤን." CSN ጸብጻቡ ኪልእኽ እዩ። ሽዑ ድማ ንሳቶም፡ እቲ ተመሃራይ መሰል ናይ ትምህርቲ ሓገዝ-ገንዘብ ኣይግብኦን'ዩ ዚብል ውሳኔ ከሕልፉ ይኽእሉ እዮም። እቲ ናይ ትምህርቲ ሓገዝ-ገንዘብ ጠጠው ምባል፥ ብዓቢኡ ነቲ ካልእ ናይ ስድራቤት ኤኮኖሚ ውን ኪጸልዎ'ዩ። ምኽንያቱ ድማ፡ እቲ ካልኦት ዚወሃቡኻ ናይ ገንዘብ-ሓገዛት ውን ኣብቲ ጊዜ'ቲ ጠጠው ስለ ዚብሉ'ዩ። ንሳቶም ከኣ፡ "ናይ ብዝሒ-ቆልዑ ሓገዝ"፡ ሓገዝ ቀለብ-ቆልዓ፡ ሓገዝ-ገንዘብ ክራይ-ገዛ እዮም።

ቤትስልጣን "ሲ.ኤስ.ኤን." (CSN)፡ ብዛዕባ'ዚ ንቤትስልጣን ውሕስነት-ካሳ (försäkringskassan) ናይ ምሕባር ግዴታ ኣሎዎ።

ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ካብ ኣድራሻ ኢንተርነት ቤትስልጣን "ሲ.ኤስ.ኤን." CSN: www.csn.se ክርከብ ይክኣል'ዩ። ኵሉ ብመደብ እትገብሮ ብኵራታት (መላት ቆጸራ--ሓኪም ወይ ካልእ) ኣቐዲምካ ምልክታ ኣእቲኻ ክትጸንሕ ይግብኣካ። ከምኡ ምስ ዘይትገብር፡ ከም ዘይቅቡል ብኵራትዩ ዚቝጸር። መዓስ ካብቲ ናይ ትምህርቲ ሰዓታትካ ክትበኵር ከም ዘድልየካ፥ እቲ መምህርካ ክፈልጥ ከም ዘሎዎ ናይ ምግባር፡ ናትካ ሓላፍነት እዩ።

## ምስጢር ናይ ምሓዝ ሕጋዊ-ግዴታ - Tystnadsplikt

ኵሎም ሰራሕተኛታት ናይ ቤትትምህርቲ፡ ብመሰረት "ሕጊ-ምስጢራውነት" (sekretesslagen)፡ ምስጢር ናይ ምሓዝ ግዴታ ኣሎዎም። ናይ ቤትትምህርቲ-ነርስ፡ ናይ ቤትትምህርቲ ዶክቶር፡ ብፍላይ ድማ "ኩራቶር"፡ ምስጢር ናይ ምሓዝ ሕጋዊ-ግዴታ ኣሎዎም። ሓደ ተመሃራይ፡ ንኣብነት ኣብ ናይ ወልፈኛነት ሓደጋ ወይ ኣብ ካልእ ማሕበራዊ ሽግራት ከም ዝወደቐ እንተ ተፈሊጡ ግን፥ ኵሎም ሰራሕተኛታት ቤትትምህርቲ፡ ናብ ሰራሕተኛታት ቤትስልጣን ማሕበራዊ ጉዳያት "socialförvaltningens personal"፡ ምልክታ ናይ ምቕራብ ግዴታ (anmälningsplikt) ኣሎዎም።